ነጸብራቕ ኤርትራ

# ሽግር ንምጽብጻብ'ዶስ፡ ወይስ ፍታሕ ንምርካብ?

## ኣብ ደገ ጸንበለል ምባልዶ፡ ወይስ ኣብ ኤርትራዊ ባይታ ምርጋጽ?

*ብኣዳለውቲ ነጸብራቕ ኤርትራ ዝቐርብ ክልተ ሰሙናዊ ነጸብራቓዊ ሓተታ።*

ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ቅኑዕ ኣመራርሓ ጉድለት እምበር፡ ክፍትሖ ዘይክእሉ ማሕበራውያን ሽግራት የለዉን። ስለምንታይ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፖለቲካውን(መግዛእታዊ) ምጣን-ሃብታውን ሽግራት እምበር፡ ኣብ ሓድሕድ ዝተኸሩ ማሕበራዊ ነውጽታትን ብቐዳምነት ዝረኣዩ ግርጭታትን ዛጊት ኣይተመዝገቡን። ምናልባት፡ ኣብ ክርስትያንን እስላምን (ሳሆ) ኣብ ከባቢ ተድረርን ሃዞሞን ናይ 1940ታት፣ ናይ ቶርዓን ጽንዓደግለን፡ ናይ ኩናማን ባርያን(ናራ)፣ ናይ ኩናማን ናይ ህዝቢ ከበሳን ኣብ ጋሽ፡ ብዕምቆት ክረአን ክምርመርን ዝግበኦ ናይ ታሪኽ ተረኽቦታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ፡ እዞም ማሕበራውያን ተርእዮታት እዚኣቶም፡ መብዛሕተኦም ውጽኢትን ሳዕቤንን ናይ መግዛእታዊ ፖሊሲ (ፈላሊኻ ግዛእ) ድኣ'ምበር፡ ብመሰረቱስ ብቐሊሉ ክእለዩ ዝኽእሉ ግርጭታት እዮም ነይሮም። ካብኡ ሓሊፉ፡ ነዞም ከም'ዚኦም ዝበሉ ብባህሪኦም ዘይመሰረታውያን ዝኾኑ ሽግራት፡ ከም ክእለዩ ዘይክእሉ ተጻረርቲ ግርጭታት ወሲድካ፡ ናይ ዕላማን ናይ ቃልሲ ስትራተጂን ምቕያስ፡ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዘይጣዓዓም ምርጫ ስለዝኾነ፡ ከቶ ስሕታን ጥርሕ'ዩ።

ኣብ ናይ ቀረባ ናይ ሜዳ ኤርትራ ታሪኽና፡ ናይ ኣዝዮም ኣሽሓት ተጋደልቲ ሂወት ዝወሰደ ደማዊ ውግእ ሓድሕድ ተኻይዱ። እቲ ሰበብ ናይ ውግእ ሓድሕድ፡ ዘይቅኑዕን ዘይሓላፍነታውን ኣመራርሓ መራሕቲ ውድባት ዝፍጥሮ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ደማዊ ናይ ሓድሕድ ምውቃዕ ናብ ህዝቢ ክልሕም ኣይክኣለን። ዋላ እቲ ብክልቲኡ ውድባት (ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤን) ዝዓጠቐ መለሻ ኣብ ዓዓዱ (ቁሽቱ) ኣብ ሓድሕዱ ኣይተቓተለን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ነቲ ባህላዊ መዓልታዊ ሂወቱ'ውን ኣይተዓናቐፈን። ህዝቢ ኤርትራ ከም ቀደሙ ኣብ ሞት ብሓደ ይቐብር፡ ይጸናናዕ፣ ጥሪቱ ብሓደ ይወፍራን ማይ ይሰትያን፣ ብሓደ ዕዳጋ ይወርድ፡ ይለቓቓሕ፡ ዓዳጋይን ኣቕራባይን ኮይኑ ብሰላም ፍርያቱ ይቀያየር፣ ኣብ መርዓ ይኹን ካልእ ወፈራዊ ስራሓቱን ምትሕብባሩን ቀጺሉ። ብሓጺሩ ኣብ ኤርትራ፡ ህዝቢ ንህዝቢ፡ እንተስ ብሃይማኖት እንተስ ብኤትኒሲቲ፣ ወይ ድማ ብኣውራጃ ኣይተዋቐዐን፡ ኣይተዳመየን።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያን ጉንቦትን ናይ 1991፡ ስርዓት ደርጊ ካብ ኤርትራ ዓነውነው ኣብ ዝበለሉ ጊዜ፣ ቅድሚ ህዝባዊ ግንባር ምምሕዳራዊ ትካላታ ናብ ምሉእ ኤርትራ ምዝርጋሓ፡ ኣማእካሊ ስልጣን ስለዘይነበረ፡ ናይ ስልጣን ባዶነት ተፈጢሩ ነይሩ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነት ከይተረፈ ህዝቢ ኤርትራ ብዓቕልን ትዕ ግስትን ደኣ ተጸበየ እምበር፡ ኣይተሰራረቐን፡ ኣይተዓማመጸን፡ ኣይተቓተለን። ስለዚ ካብ'ዚ ንላዕሊ ክቐርብ ዝኽእል ናይ ሓደ ህዝቢ ጭዋነት ከመይ ዝበለ'ዩ?

ህዝቢ ኤርትራ ከም ሶማል፡ ከም ላይበርያ፡ ከም ሩዋንዳ፡ ከይከውን እናበልካ፡ ኣብ ባይታ ኤርትራ ዘየሎን ዘይነበረን ዝቐርብ ገምገማ'ውን፡ ብሓቂ ርትዒ የብሉን። ግን እዚ ሰባብ ወስታ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ፍርሕን ራዕድን ኣእቲኻ፡ ኣብ ዘይደልዮ ምርጫ ንኽኣቱ ንምግዳድ ዝዓለመ ምኺኑ ኣይሳሓትን።

ኣብ ኤርትራ፡ ሕማቕ ኣመራርሓ ዝፈጠሮ ጸገማት ብርግጽ ኣሎ። ዋላ ነቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ተሃኒጹን ተሰሪቱን ዝነበረ ናይ ምትእምማንን ሓቢርካ ናይ ምንባርን መንፈስ፡ ሎሚ ብትሪ ይውቃዕን ይፋሓቑን ምህላዉ ብሩህ'ዩ። እዚ ኣዕናውን በታንን ወፍሪ'ዚ፡ ብዓቐኑን ዓይነቱን እቲ ካብ ህግደፍ ዝዋፈርን ዝትግበርን'ኳ ዝኸፈአን ዝሓየለን እንተኾነ፡ ነቲ ኩሉ መኣዝናቱ ብምስትብሃል ክረአ ከሎስ፡ ካብ'ቲ ክልን ስፍሓትን ህግደፍ ዝዓብን ዝዓሙቕን ኮይኑ ኢዩ ዝርከብ። ከም'ቲ ዕግርግር ዕዳጋስ ንሰራቒ ይጥዕም ዝብሃል

ምስላ፡ እዚ ንሃገር-ኤርትራ ብሕሱም ዝድህኽ ዘሎ ናይ ምክፍፋል ወፍሪ፡ በቶም ኣብ ስኒትን ሓቢርካ ብምንባርን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምንም ረብሓ ዘይብሎም ኣዝዮም ውሑዳት ኣካላት ዝዋፈር ዘሎ'ዩ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣዝዩ ሓደጋኛ ኩነት፡ እቶም ብቕንዕና፡ ዘመናዊትን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምህናጽ ዝጽዕቱ ድኣ ኣበይ ኣለዉ? እንታይከ እዮም ዝጽበዩ ዘለዉ? ብርግጽ ኣብ ድኹም ሃለዋት እዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ንጹር ናይ ቃልሲ ስትራተጅን ቆራጽነትን ይጎድሎም። በቲ ብንጥፍት ዝካየድ ዘሎ ናይ ትሕተ-ሃገራውያን ዓብላሹ ምንቅስቓስ ተዋሒጦም። ዝርካቡ እቲ ዝፍትንዎ (ብጽሑፍ ጥራሕ) ነግ-ፈርግ ዝብል ለመምታኦም፡ <u>ሃገራዊ ሽግራትና!</u> እናበሉ፡ ሕሉፍ ኩነታት ጥራሕ ክጽብጽቡ ኣብ ጋም-ማን ይነብሩ። ሃገራዊ ጸገማትና እንታይ ኢዩ? ኢልካ ሕሉፍ ጸገማት ክትፍትሕ ምንባርን፣ ናይ ሃገራዊ ጸጋማትና ፍትሕ እንታይ ኢዩ? ኢልካ ናብ ቃልሲ ክትቀንዕን፡ ብቅኒትን መንፈስን ናይ ቃልሲ፡ ኣዝዩ ፍልልይ ኣለዎ።
ኤርትራ ሓድነታ ዘረጋገጸት ዘመናዊትን ዲሞክራሲያዊትን ንኽትከውን ቆራጽነትን ድፍረትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዝተጸንዐ ውድባን ኣሰራርሓን ዘለዎ መቃለሲ ባይታ ቅድም የድሊ። ካብኡ ንድሓር፡ እቲ ቅኑዕን ዲሞክራሲያውን ኣገባብ ተበግሶ ናይ ቃልሲ፡ ነቲ ጉዕዞን መዓርፎን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብተግባር ክምልሶ ኢዩ። ዲሞክራሲያዊ ባህሪ ዘይብሉ ምጥርናፍን ምጽንባርን ግን፡ ኣብ ኤርትራ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክተክል ወይ ኣብ ምትካል ክሕግዝ ኣይ-መኻታውን ኢዩ።

ንመጽናዕቲ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክሕግዙ ዝኽእሉ ክልተ ዓበይቲ ረቛሒታት እዮም፣ እስልምናን ክርስትናን። ክርስትናን እስልምናን ኣብ ኤርትራ ንዘመናት ዝጸንሐ መንፈሳዊ እምነት ስለዝኾነ፡ ኣብ ኩሉ ባህላዊ ውነታት ህዝቢ ኤርትራ ድልዱል መሰረት ኣለዎ። ናይ ህዝብና ስምዒታት፡ ከም- ነውርን ቅብሉን ጠባያት፡ ጠብላሕታትን ልምድታትን ካብ'ዘን ክልተ ዓበይቲ መንፈሳዊ ሃይማኖታዊ እምነታት ዘንጸባረቐ ኢዩ። ካብዚ ብምንቃል፡ ነዚ ተኣፋፊ ግን ድማ ብድፍረት ክንዛረበሉን ክንዛተየሉን ዝግባኣና ሃገራዊ ጉዳያት፡ ብኩለንተናዊ መኣዝን ብዕዘትን ሓላፍነትን ክንጥምቶ ይግባእ። ኣብ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣብ ጠብላሕታታትን ዊንታታትን ናይ መራሕቲ ፖለቲካውያን ውድባት ዘይምርኮስን ዘይግራሕን ኮይኑ፡ ንባህላዊ ውርሻታትን ኣገባብ ኣናባብራ ሕብረተሰብ ኤርትራን ብምልኣት ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ።

ከም ኣብነት- ኣብ ጊዜ ዓደይ-ዓደይ፡ ዝበዝሐ ናይ ከበሳ(ክርስትያን) ምስ “ክርስትያናዊ ንጉስ” ሃይለስላሴ ምኻን መሪጹ ነይሩ። ታሪኽ ከም ዘብረሆ ግን እቲ ምርጫ'ቲ ንሓጺር ጊዜ ጥራሕ ኢዩ ጸኒሑ። ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ከምዝምስክሮ ድማ (ዋላ'ኳ ብዙሕ ሓፍ ዞቕን ሽግራትን ዝነበሮ እንተኾነ)፡ ኣብ'ቲ መሪር ቃልሲ ናይ ምልላይን ምትእምማንን መድርኽ ከፊቱ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሃይማኖትን ብቀቢላን ከይተፋላላየ ኣንጻር ባዕዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብሓደ ተቓሊሱ፡ ተሰዊኡ፡ ተደጋጊፉ፡ ተሓናጊሩን ከቲቱን። እዚ ናይ ሃገራዊ ቃልሲና <u>እወንታዊ</u> ጭቡጥ መበገሲ ኢዩ።

ብእንተታትን ነፍሰ-ጠብላሕታታትን ክንጥበር እንተኾይና ግን፡ ከም'ቲ ንህዝቢ ከበሳ ብስርዓት ሃይለስላሴ ዝተገበረሉ ናይ ምትላል ጎስጓስ፡ ንእስላም ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ካብ ሱዳን ወይ ካብ ምስሪ ተዋፊሩ እንተዝነብር፡ ከመይ ዝበለ ውጽኢት ኮን ምነበሮ ይኸውን?... ክንሓትት ንኽእል። እዚ ግን ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ህወታት ጥራሕ ኢዩ ክመርሓና። ስለምንታይ? ንሓቅታት ዝብርዙ ቆጺርካ ዘይውድኡ ጫውጫዋትን ሳንፉፍ ስምዒታትን ስለዝርከንዎ። ነዚኣቶም ክንምልስን ክንጥብርን ከኣ ክቡር ጊዜ ከነጥልእ ኣይግባኣናን። ንኹሉ ገለፍ-መለፍን ጋኛይን ፈሊና ክንርኢ መታን፡ ብ<u>ምትላልን ብምሕባልን</u> ዝተፈጸሙ ተንኮላት ናይ መግዛእታዊ ስርዓታትን ውጺኢታቶምን ከም ተኣለይቲ እምበር ከም ውርሻ ኣይንቀበሎም። ግደ ሓቂ፡ ስለምንታይ፡ ብድልየትን ርድየትን እሞ ብ<u>ነጻን ንቑሕ ምርጫን ዝተኻናወኑ ስለዘይነበሩ።</u> ግደ ሓቂ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዘበናዊ ታሪኹ (ካብ መግዛእቲ ጥልያን ጀሚሩ) ክሳብ ሕጂ፡ ብዘይ ጸቕጥን ምፍራራሕን፡ ብነጻ ድሌቱ ዕድሉ ክውሰንን ገና መድረኽ ኣይረኸበን ኣሎ።

ምናልባት፡ ኣብ ቃልሲ ተጋድሎና፡ ሰኣን ቅኑዕን እሩምን ኣመራርሓ፡ ብፍላይ ኣብ ምጅማሩ ዝነበረ ኣተሓሕዛን ናይ ኣሰላልፎ ኣገባብን፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ እንታይ ጽልዋ ፈጢሩ? ኣቀዋውማን ኣሰራርዓን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን/ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ሃይማኖታዊ ድዩ ነይሩስ ፖለቲካዊ? እቲ ኣሰራርዓ እቲ ክውገንን ክእለን ዘይክኣል ኩነት ስለዝነበሮ ድዩስ፡ ወይስ ሰኣን ዘይብቑዕ ኣተኣላልያ ግርጭት ኢዩ ናብ ደማዊ ውግእ ሓድሕድ ዝተሳጋገረ? ሕጂኸ ድሕሪ 36 ዓመታት (ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ሰዶሓ ዒላ) እንታይ ዝተኣረመ ኣሎ ኣብ ፖለቲካዊ ቅኒት መሪሕነታት ናይ ኤርትራ?..

ዝብሉ ሕቶታት ክንምልሶ ዝግበኣና ይኸውን። ንታሪኽ ብኣሉታ ንምጽሕታር ዘይኮነስ፡ ንቕድሚት ከይድገሙ መታን። ብስክፍታ ወይ ብንክሕሒራ፡ ንድኹም ሸነኾም ክንዳፋዓሎምን ኣብኦም ክንርዕምን እንተኾይና ግን ብወጥሪ ሓኒቖሙና ክነብሩ እዮም።

ህዝቢ ኤርትራ (ብዘይኣፋላላይ ሃይማኖትን ቀቢላን)፡ መግዛእታዊ ኣደራዕ ካብ ዝፈጠረሉ ስነ-ኣእሙራዊ ቅልውላው እፎይ ከይበለ ናይ ኢሳያስ ዓምጣሪ ምሕደራ ዘርከቦ ህዝቢ ኢዩ። ኢሳያስ፡ ንማንም ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይውክል፡ ንናይ ብሕታዊ ስልጣኑ ዝከሳኸል ዝወጸሉ መሳኺ ስርዓት ኢዩ። ንህዝቢ ኤርትራ፡ ዋላ ከም'ቲ ኣብ ጊዜ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝነበረ ንጉሳዊ ምሕደራ'ውን ከልኪልዎ። ኣብ ጊዜ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ (ዋላ'ኳ ኣብ ኤርትራ መግዛእታዊ ስርዓት ይንበር) ተማሃሮ ኣብ ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፍታት ከካይዱ ይኽእሉ ነይሮም። ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ' ውን፡ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ክውደቡ፡ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ትምህርቶም ኣኼባ ከካይዱ፡ ናይ ተቓውሞ ድምጾም ከስምዑ ይኽእሉ ነይሮም። እቲ ናይ ሽዑ ኩነታት ምስ ናይ ሕጂ ኢሳያሳዊ ምሕደራ ከነናጻጽሮ ከለና፡ ፍልልዩ ሰማይን ምድርን'ዩ። ብርግጽ ኢሳያስ ጸረ-ዲሞክራሲ፡ ጸረ-ትምህርቲ፡ ጸረ-ሰላም ዝኾነ ዝወጸሉ እምባ-ገነን ምዃኑ፡ ሎሚ ብዙሕ ኣብነታት ምቕራብ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ቤት ማእሰርትታት ዝራባሓሉ፡ እታ ዝርካባ ሓንቲ ዩኒቨርስንከ ትዕጸወሉ ኩነታት ኢዩ ዘሎ። እዚ ስርዓት' ዚ ዋላ ነታ ስልጣኑ'ውን ባዕሉ ዕድመ ዘሕጸር ኢዩ (ዝደፍኦ ሓይል ተቓውሞ ስለዝሰኣነ እምበር)። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ( ኣብ ውሽጢ 14 ዓመታት) 4000 ተማሃሮ ጥራሕ ካብ ዩኒቨርስቲ ከምዝተመረቑ ኣብቲ ባዕላቶም (ህግደፍ) ናብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ዘቕረብዎ ጸብጻብ ይሕብር። ንለባም ኤርትራዊ ኣዝዩ ዘሕፍር ጸብጻብ!

ሕጂ ብኢሳያስ ብዙሕ ምዝራብ ዘድልዮ መደርኽ ኣይኮነን። ስትራተጂያዊ ኣትኩሮና፡ መተካእታ ናይዚ ውልቀ-መሳኺ ሰርዓት ምርካብ ኢዩ። እወ፡ ሕቶ መተካእታ!... ግን መተካእታ ናይ ኢሳያስ ካብ ማና ክመጸና ኣይኮነን። ብኤርትራዊ ቃልሲ ዝስራሕ፡ ዝህነጽን ዝገጣጠም ዕማም'ዩ። መሪሕነት ክብሃል ከሎ፡ ንትርግታን ስምዒታትን ህዝቢ ኤርትራ ጽን ኢሉ ዝስምዕ፣ ብኡ መሰረት ዝሰርሕ፣ ናብ ዓወት ዝመርሕ ኣገባብ ኣሰርራሓ ዝኽእተልን ብህዝቢ ኤርትራ ዝግራሕን ማለት ኢዩ። ቅኑዕ መሪሕነት፡ ናይ ውልቀ-ሰባት ውልቃዊ ዜና ዝጋነኑ፡ ወይ ናይ ብዙሓት ውድባት ኣካላዊ ምጽንባር ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ናይ ምእኩል ኣሰራርሓ፣ ናይ ተሓታትነትን ምቕሉልነትን ተግባር ዘርኢ፣ ካብ ህዝቢ ብኣገባብ ኣመራርሕኡ፡ ብኣሳታፍነቱን ቅልዑነቱን ተኣምንነትን ተቐባልነትን ዘሕድር ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። ካልእ፡ ዝኣረገ፡ ቅድሚ ሕጂ ናብ ዕንወትን ምፍንጫልን ዝመርሐ ኣገባብ ኣሰራርሓ ወጊድ ጥራሕ ኢዩ ክብሃል ዘለዎ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት ኣብ ካርቱም ዝተጋበአ ናይ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ መጋባኣያን (ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን) ንሕሉፍ ኣሉታታት ወጊድ ዝበለ'ዶ ኮይኑ ወጺኡ? ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕቶ ክፈትሕ ብቕዓት ይውንንዶ? ወጊድነት ንሰራርሓን ኣመራርሓን ህግደፍዶ ኮይኑ ካብ ጉባኤኡ ወጺኡስ ወይስ ስልጣን ዓራት ህግደፍ ዓልዩ ንምውራስ? መልሲ ናይ'ዚ ሕቶታትዚ፡ ብብቑዕ ምኽንያት እወንትኡ ዘይዛይድ እንተኾይኑ፡ ሕቶ ብቑዕ መሪሕነት ኣብ ደንበ ተቓውሞ፡ ቅድሚ ምውዳቕ ኢሳያስ እንተዘይተመሊሱ፡ ድሕሪ ውድቀት ኢሳይስ ክምለስ ኢልካ ከመይ ኣቢልካ ይሕሰብ?

“ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሰብኣዊ ርህራሄ ዘይብሉ ስርዓት ኢሳያስ ይሳቐ ስለዘሎ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ንምልጋስ ብቐዳምነት ክረአ ኣለዎ...” ኢልካ ዝቐርብ ምስምስን ዓባባጥን፡ “ክትበልዖ ዝደለኻዮ ኣባጉንባሕሲ፡ ዛግራ ትብሎ” ንዝብል ምስላ ናይ ኣበው ኢዩ ዘዛኻኽረካ። ንኢሳያስ ብምልጋስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዕድሉ ባዕሉ ወሳኒ ክኸውን ዘኽእልን ዘተኣማምን ኣንፈታት ሎሚ ክረአ ኣለዎ። ካብ ኣቦ-መንበርነት፡ ዋና-ጸሓፍነት፡ ነናይ ውድባቶም ክወርዱን ብካልኦት ክትክኡን ፍቓደኝነት ዘይብሎም “መራሕቲ” ጽባሕ ስልጣን ናብ ህዝቢ ኤርትራ ከረክቡ እዮም ማለት ላግጺ ጥራሕ'ዩ። ብክለሳ-ሓሳብ ነቲ “ህዝቢ ኤርትራ ስልጣን ዝህብን ዝኸልእን ወናኒ ዕድሉ ክኸውን ኢዩ” ዝብል መዝሙር ይዝምርዎ እዮም፣ ሎሚን'ከ ንህዝቢ ግሁዳትን ግሉጻትን ዘይኮኑ ኣኼባታትን ዋዕላታትን የካይዱ።

ከምቲ “ብዕራይ ናብ ዘበለ እንተበለ፡ ዕርፊ ኣጽንዕ” ዝብሃል ምስላ፡ ነቲ ኩሉ ዝቐርብ ሕልኽልኻት ሰጊርና፡ እቲ ዝድለ ህዝባዊ ዓወት ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ናይ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ውድባት ይኹና፡ ናይ ሲቪክ ማሕበራት፡ ምሁራትና ይኹኑ ሃገራውያን ሓርበኛታትና ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብናን ዘተኣሳስር ድንድል ምስዘርሑ ጥራሕ'ዩ። ክሳብ ሕጂ፡ ህልውና ተቓውሞ ውድባት፡ ብኣብ ውሽጢ ዝርከብ ሰፊሕ

ህዝብና ዳርጋ ባዕዲ(ዘይፍሉጣ) እየን። ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብምስጢር ምስ ዝቃለሱን ክቃለሱ ምስ ዝደልዩን ደቂ ሃገር ምትእስሳርን ሌላን የለን እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነታት፥ ኤርትራ ካብ ስርዓት ኢሳያስን ብኩለንተና ንስርዓት ኢሳያስ ካብ ዝመስሉ ካልኦት ጉጅለታትን ድሒና፥ ንመጻኢ ናይ ብሩህ ተስፋ ጩራ ክትርኢ፣ ንኣሉታታት ናይ ዝሓለፉ ብምውጋድ እምበር፥ ካልእ ኣመራጺ ኣይህሉን።